ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

جبهة الانقاذ الوطني الارترية
مكتب الاعلام والثقافة

Eritrean National Salvation Front
Information and Caltural office

ዜና

# ቈሳውስትን ኢማማትን በስገዳድ ብረት ከዓጥቁ ይእዘዙ ኣሎዉ

ስራሕተኛታትን ናይ ስቭል ሰርቭስ ሰራሕተኛታትን ጾታ ብዘይምፍላይ፡ እንተላይ ደቂ ሱሳ ዓመታት ኣቦታት፡ ናብ መደበራት ወተሃደራዊ ታዕሊም ብህጹጽ ክወርዱ ዝእዚዝ ወተሃደራዊ መምረሒ፡ ናብ ዞባዊ ምምሕዳራት ወሪዱ ምህላዉ፡ እሙን ምንጭጪ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሓቢሩ። ኣብ ርእሲኡ፡ ቀሳውስት፣ ኢማማትን መሻይኽን ካብ ባሕቲ መጋቢት 2020 ናብ መደበራት ወተሃደራዊ ታዕሊም ክወርዱ የስገዲዶም ምህላው፡ እቲ ምንጪ ወሲኹ'ውን ይገልጽ።

ከምዝፍለጥ፡ ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳር ብዕለት 4 ሓምለ 2005 ናብ መንበሪ ፓትሪያርክ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ፣ ናብ ሙፍቲ ኤርትራ፣ ናብ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስቲያን ኤርትራ፣ ናብ ወንገላዊ ቤት-ክርስቲያን ኤርትራ፣ ኣብ ዝለኣኾ ደብዳቤ "......ሃገራዊ ኣገልግሎት ንኩሉ ዜጋ ዝምልከት ግዴታ ምዃኑ እንተላይ ንኣገልገልቲ ሃይማኖታዊ ትካላት (ቤተክርስቲያናትን መሳጊድን) ከም ዝምልከት ብምርዳእ ግቡኦም ዘይፈጸሙ ከምዝፍጽሙ ተፈሊጦ ክስራሓሉ ይግባእ" ብምባል ዝመሓላለፈሎም መጠንቀቕታ ዝዝከር'ዩ። (መስመር ናይ ሚኒስትሪ'ዩ)።

ብስንኪ'ዚ ሰፊሕ ህዝቢ ኣብ ዓምቒ ጭንቀት ኣትዩ ምህላዉን፡ እዚ መምርሒ'ዚ ዝዓበየ ቆልዓ ኣብ ዓዲ ከይተርፍ ዝደፍእ ምዃኑን፡ ተዓዘብቲ  ይገልጹ። ብተወሳኺ ብዕለት 14 ለካቲት 2012 (20 ለካቲት 2020 ) ጳጳሳት ኣባላት ልኡኽ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ኢትዮጵያ፡ ኣብ መበል 50 ኢዮቢልዮኣዊ ዓመት ክብረ ጽምቢል ኪዳነ ምህረት-ኣስመራ ንምስታፍ ዝተበገሱ፡ ኣስመራ እንከይኣትዉ ኣብ ኣህጉራዊ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ዝተጋጠሞም ምትእኽኻልን ምግልታዕን ምናልባት ምስ'ዚ ኩነታት'ዚ ዝተኣሳሰር ክኸውን ከምዝኽእል ተዓዘብቲ ይግምቱ።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

27 ለካቲት 2020